ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ **ውሳኔ ውጽኢት ምሕንጻጽ ዶብ ብዝምልከት** http://www.ertra.com/2004/Verdict of Border Commission2.pdf ኣብ ምዕራፍ 1 - **መእተዊ ኣገባብ** ካብ ዝተዘርዘሩ ዓንቀጻት ንሎሚ ዓንቀጽ 1. 2 ንኡስ ዓንቀጽ (2) ንኡስ ዓንቀጽ (4) ከምኡ'ውን ንኡስ ዓንቀጽ (5) ክንምልከት ኢና።

ንኡስ ዓንቀጽ (2) ከምዚ ዝስዕብ ይብል "ክልቲኦም ወገናት ብዝተሰማምዕሉ መሰረት፣ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ዘይሻራዊት ኮምሽን ዶብ ተመስሪታ ነቲ ዶብ ንምሕንጻጽን ኣብ መሬት ምምልካትን (ሽካል ንምትካል) ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት (1900፣ 1902፣ 1908) ከምኡ'ውን ኣብ ተግባር ዝውዕል ዓለም ለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ኝኸውስን ስልጣን ይህብ። እዚ ኮምሽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ፣ ኩነታት ፖለቲካዊን ስነ-ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው (ex equo et bono) ክውስን ኣይክእልን ኢዩ።"

ንኡስ ዓንቀጽ (4) ከምዚ ዝስዕብ ይብል "ካብዚ ስምምዕ ዝተበጽሓሉ እዋን ጀሚሩ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ውሽጢ 45 መዓልትታት ክክልተ ኮምሽነራት ይመዙ። ንጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ድማ ብጽሑፍ የፍልጡ። እቶም ዝምረጹ ኣካላት ድማ ናይ ክልትኤን ሃገራት ዜግነት ዘለዎም ወይ ድማ ተቐማጦ ክልትኤን ሃገራት ዝኾኑ ክመርጻ ኣይፍቀደለንን። እንተድኣ ሓንቲኤን ሃገር ኣብዚ ዝተወሰነ ግዜ ሓደ ይኹን ክልተ ኮሚሽነራት መሪጼን ዘየቕረበን ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክንድኤን ይመርጽ። "

ንኡስ ዓንቀጽ (5) ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ይብል "ፕሬዚደንት ናይቲ ኮሚሽን በቶም 4 ኮምሽነራት ዝተመርጹ ከም ተወሳኺ መበል 5ይ ኮምሽነር ኮይኑ ብኣኣቶም ይምረጽ። እንተድኣ ኣርባዕቲኦም ኮምሽነራት ኣብ ምምራጽ ፕረዚደንት ናይቲ ኮምሽን ዝኸውን ካብታ ዝጀመሩላ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክስማምዑ ዘይክኢሎም፣ ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ንክልቲኦም ሰብ ነገር ኣፍሊጡ ባዕሉ ይመዝዝ። እቲ ፕሬዚደንት ናይቲ ኮምሽን ዝኸውን፣ ዜጋ ወይ ከኣ ተቐማጢ ናይ ክልቲኤን ሰብ ነገር ሃገራት ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።"

እምብኣር ሰለስቲኡ ንኡስ ዓንቀጻት ዝገልጸልና ነገር እንተሎ ኮምሽን ዶብ ዝተመስረተ ብክልቲኦም ወገናት ስምምዕ ከምዝኾነን ወሳኔ ኮምሽን ከኣ ሕጋዊን ቀያድን ከምዝኾነ ኢዩ። ኮምሽን ዶብ ብሓምሽተ ኣባላት ክምስረት ከሎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክክልተ ክመርጻ ከለዋ መበል ሓምሻይ ከኣ በቲኦም ኣርባዕተ ኮምሽነራት ተመሪጹ። ኤርትራ ኣብ መጀመሪያ ካብ ዝመረጸቶም ኮምሽነራት እቲ ሓደ ብኢትዮጵያ ስለዝተነጸገ፤ ኤርትራ፤ ካልእ ኢትዮጵያ ትሰማማዓሉ ኮምሽነር ክትመርጽ ኔሩዋ። ኣመሰራርታ ናይቲ ኮምሽን እንተድኣ ኣስተውዕልናሉ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ኢትዮጵያ ክልተ ኮምሽነራት ክትመርጽ ከላ 50% ዕድል ተዋሂቡዋ ማለት ኢዩ። ኤርትራ ካብቲ ዝግብኣ 50% ማለት ክልተ ኮምሽነራት ናይ ምምራጽ ዕድል ኢትዮጵያ ነቲ ሓደ ኮምሽነር ስለዝተቓወመት ኤርትራ 25% ብዝግባእ ዕድላ ተጠቒማትሉ።

እቲ ሓደ ኮምሽነር ኤርትራ ዝመረጸቶ ኢትዮጵያ'ውን ዝተሰማማዓትሉ 12. 5% ንኤርትራ ዕድል ክወሃባ ከሎ 12. 5% ከኣ ንኢትዮጵያ ተወሳኺ ዕድል ተወሂቡዋ ማለት ኢዩ። ክጠቓለል ከሎ ኢትዮጵያ 62. 5% ዕድል ክወሃባ ከሎ ኤርትራ ከኣ 37. 5% ጥራሕ ኢዩ ተውሂቡዋ።

ነቲ ፕረዝደንቲ ናይቲ ኮምሽን ዝኸውን መበል ሓምሻይ ኮምሽነር በቲኦም ኣርባዕተ ኮምሽነራት ክምረጽ ስለዝነበሮ ከምርዱእ ኢትዮጵያ ዝደለየቶ ክኸውን ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ኣሓዛት ይገልጸልና።

ኣመሰራርታ ናይቲ ኮምሽን ኢትዮጵያ ዝተሓጎሰተሉን ንውሳኔኡ ከኣ ኣብ መጀመሪያ ዝዓገበተሉ ጸኒሓ ግን ኣልቦን ዘይሕጋውን ዘበለቶ መንቀሊኡ እቲ ኣመና ኣገዳሲ ዝኾነ ሕጋዊ ውሳኔ ማለት ባድመ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኢዩ ስለዝተባህለ ኢዩ። ካልእ ኣገዳሲ ውሳኔ'ውን ኣብ ከባቢ ኣክራን ኢትዮጵያ ዘይተሓገሰትሉ ኣሎ። ኣብዚ ግን ክርድኣና ዘለዎ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ውሳኔ ንሓደ ውገን ጥራሕ ክተሐጉስ እልካ ዝግበር ሕጊ ምዕምጻጻዕ ክህሉ ከምዘይክእል ኢዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኤርትራ ድሕሪ ሰለሰተ ዙርያ ግጥማት ዝተገበረ ውግእ ብዓወት ሂላዌኣ ዘረጋገጸትሉ እዋን ኣፈራሪሒካ ድዩ ብምግቡዕባዕ ከምቲ ናይ ሃምሳታት ድልየታትካ ተማልኣሉ እዋን ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ነቲ ረድያን ፈትያን ኣብ ምምስራቱ'ውን ዓቢ ተራ ዝተጸወትሉ ኮምሽን ንውሳኔኡ ክትቅበልን ኣብ ትግባሬኡ'ውን ክትተሓባበር ይግባእ። ምኽንያቱ ነቲ ውሳኔ ኮምሽን ኣልቦን ዘይሕጋዊን'ዩ ዘብል መርትዖታት ኢትዮጵያ ክተቕርብ ስለዘይክኣለት ኢዩ።

ኢትዮጵያ ከምትብሎ እዚ ኮምሽን ነቲ ቦታታት ንሓደ ግዜ'ውን እንተኾነ ዘይሩ ዑደት ኣይገበረን ከምኡ'ውን ንተቐማጦ ናይቲ ቦታታት ኣየዘራረበን ዝብል ኢዩ። ነዚ ስነ መጎተ'ዚ ብዙሕ ጸረመጎተ ዛዕባታት ምልዓል ይክኣል ኢዩ። ብቐዳምነት፣ ኣብ ዝኾነ ውዕል ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተገብረ እቲ ኮምሽን ነቲ ቦታታት ዑደት ክገብረን ተቐማጦ ናይቲ ከባቢታት ክዘራርብ ኣለዎ ዝብል የልቦን። በዚ ሎም እዋን ዓለም ተወንጭፋ ኣብ ሞባይልን ሳተላይት ስእልታትን ኣብ ትምርቀፈሉ ዘላ ኣብ በቕልን ፈረስን ተወጢሕኩም ዑደት ዘይገበርኩም እልካ ምጉት ተቕርበሉ እዋን ኣይኮነን። ናይ ሎም ዘበን ፖሊስ ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ኮይኖም ብዲኤናኤ ወንጀለኛ ኣብ ዝሃድንሉ እዋን ደድሕሪ ውንጀለኛ ኣይተጓየኻን ተባሂሎም ዝውቀሱ እዋን ኣይኮነን።

ኣብዚ ኦስሎ ሐደ ግዜ ኣብ ሓደ ከባቢ 40 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ብመኪና ዝኽየደሉ ቦታ ብ47 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ፍጥነት ክኸይድ ከሎ ዝተረኸበ ሰብ ጠጠው ኣቢሎም ዘይሕጋዊ ፍጥነት ፈጺሚካ እሎም ቀጽዖሞ። መኪናኡ ጠጠው ኣቢሉ፣ "እስኻትኩምስ ኣብዚኣ ውሽጢ መኪና ኣይነበርኩምን፣ ትንሀር ኔርካ ትብሉኒስ ፤ ንምኺኑኸ ከመይ ጌርኩም ርግጸኛታት ኮንኩም 47 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ፍጥነት

ትኽይድ ኤርካ ትብሉኒ" ኢለ መኀቶም። እሳቶም ከኣ "በዚ ሎሚ ግዜ ፍጥነት መኪና ንምፍላጥ ግድነት ኣይኮነን ኣብ ውሽጢ እቲኣ መኪና ኮንካ መቑጸሪ ፍጥነት ክትዕዘብ። ኣብ ፈቐዶ ኩርንዓት ፍጥነት መኪና ዝዕቅን መሳሪሒ ኣሎ ብኡ መሰረት ንፈልጥ" ኢሎሞ። ነቲ ውሳኔኦም ተቐቢልዎ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ኣብነት ዘቕረብክዎ ነቲ ኢትዮጵያ ትብሎ ማለት እቲ ኮምሽን ኣብቲ ካበቢ ዑደት ኣይገበረን ትብሎ ብቑዕ ምኽንያት ከምዘይኮነ ንምርዳእ ኢዩ። እቲ ኮምሽን እንዳተዘዋወረ መርትዖታት ከብ ምእካብ ብቐልሉ ብሰተላይት እቲ ዘድልዮ ሓበሬታት ኣኪቡ ኢዩ። ኣሽምባይዶ ዶብ ናይ ሃገራት፤ በዚ ሎም ግዜ ብሳታላይት ንዝኾነ ሓበሬታ ብስሉጥን ጽፉፉን ኣገባብ ይእከብ ኣሎ። ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ግዜ ምጉቶም ነቲ ምብራቓዊ ክፋል ብዝምልከት ብናይ ቀደም ኣገባብ መሰረት ክሕንጸጽ ዘቕረብዎ ኣሰራርሓ ኣወግኑ ባንጻሩ እቲ ኮምሽን ንኽልቲኤን ሃገራት ኣፍቂዱ፤ ብሳታላይት ስእልታት ተሓጊዙ ዕጹብ ድንቂ ዝኾነ ፍታሕ ኣቕርብሎም። እዚ ንባዕሉ እዚ ኮምሽን ዝበርከቶ ግልጋሎት ሓደ ዓብይ ኣብነት ኢዩ።

ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ተቐማጠ ኣየዘራረበን ዝብሃል ከኣ ኣንተደኣ ንኡስ ዓንቀጽ (2) ሪእና ከምዚ ዝሰዕብ ይብል "ክልቲኦም ወገናት ብዝተሰማምዕሉ መሰረት፣ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ዘይሻራዊት ኮምሽን ዶብ ተመስሪታ ነቲ ዶብ ንምሕንጻጽን ኣብ መሬት ምምልካትን (ሽኻል ንምትካል) ብመሰረት መግዛኣታዊ ውዕላት (1900፣ 1902፣ 1908) ከምኡ'ውን ኣብ ተግባር ዝውዕል ዓለም ለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ንኸውስን ስልጣን ይህብ። እዚ ኮምሽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ፣ ኩነታት ፖለቲካዊን ስነ-ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው (ex equo et bono) ክውስን ኣይክእልን ኢዩ።" ካብዚ ንኡስ ዓንቀጽ ንርድኦ ነገር እንተሎ ብፍላይ እቲ ናይ መጨረሻ ሓረግ እዚ ኮምሽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ፣ ኩነታት ፖለቲካዊን ስነ-ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው (ex equo et bono) ክውስን ኣይክእልን ኢዩ ዝብል ኣብ ግምት ምእታው የድሊ። እዚ ኮምሽን ነቲ ሕጋዊ መደያት ኣብ ጎኒ ገዲፉ ንኽጸድቕ ኢሉ ሰባት ሰለዘሕዘንዎን ሰለዝደንገጸሎምን ንዓታቶም ክብል ውሳኔኡ ክጸልዎ ኣይክእልን ኢዩ። ብኸምዚ ዓይነት ፍታሕ ከኣ ነባሪ ፍታሕ ክረከብ ኣይክኣላን ኢዩ።

ዝኽሪ ንስዋኣትና።

ተስፋሚካኣል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ

ርእይቶኹም በዚ ዝሰዕብ ኣድራሻ ልኣኹለይ

Tesfamicael Yohannes Teckle